# ጕዐይ!



በዛ ቖልዓ ኣእምሮይ ደንዘዘ
ብጕዐይዶ ኣዒንተይ ፈዘዘ!
ጕዐይ በይዛኺ 'ባ ሕደግ'ንዶ
እቱ ዝመኸረክስ ስምዕኒ'ንዶ
ብኣኺ እኮ ዞይሩ 'ቱ ሓንጎለይ
በይዛኺ እባ ሕደጊ የዕብየለይ!
ስምዕኒንዶ ኣንቲ ጕዐይ ጓለይ

ስምዕኒ እስኪ ኣንቲ ጕዐይ
ነዲደ 'ኮ ኣምዑተይ፣ ኣንጕዐይ
ብኣኺ 'ንዶ 'ቱ ውኑይ ጠፊኡ
ብኣኺ 'ንዶ 'ቱ ስመይ ከፊኡ
ደጊምከ ምሳኺ 'ንታይ ኣለኒ
ዕረ ኹንኪ ኣነስ መሪሩኒ
ሕደግኒ፣ ጕዐይ ሕደግኒ!



ሕደጊ ዝብለኪ እናኣበኺ
መዓናጦይ ሓሪሩ ብኣኺ
ቆሲሉ እቱ ልበይ፣ ኮላሊተይ
ከም ብመቑሎ ሓጺን ቀላዊተይ
ከም ሰብ ኩኒ፣ ግበሪ 'ባ ቕጥዒ
ዝበልኩኺ 'ንድሕር ዘይትሰምዒ
መእተዊኺ ሓዚ፣ ተጸግዒ



ክንደይ ሻዕን ክነግራ፣ ኽመኽራ
ንዘይትሰምዐኒ እንታይ ክገብራ
ክንደይከ ኽዕገስ፣ ክኽእል፣ ክጸራ
ዒር ትብለኒ፣ ንበረኻ ኣስፍራ!
ወይዛ ጉዳም፣ መራር፣ ዕረ
ብጕዐይዶ መዓንጣይ ሓረረ
ከምታ ስማ ሽርባ፣ ጕዕ-በርበረ!

ገ/ኢ. ጎርፉ።